ንቃል ትምህርተ-ወንጌል-ክርስቶስ መላሊስካ ከተንብቦ እንተ-ተረኺብካ፣ መላሊስካ ንክትሓትት'ዩ ዘግብረካ። ነዚ ውጽኢት'ዚ ናብ ግምት ብምእታው ከዓ'ያ እናና ዚኾነት ምድራዊት ቅድስት-ቤተክርስትያን ክርስቶስ፣ ሓደ-ብሓደ ንምእንቲ ክንሓትት እሞ ኸዓ ናብ ልብና ከም-ዚሰቍር ንምእንቲ ክንገብር መላሊስና ክነንብቦን፣ ክንሰምዖን እትደራርኸና፣፣ ኣብ ዚሓለፈ እዋን፡ ጾመ-ትንሳኤ ዚጅምረሉ ኣብ ዚነበረ ዕለታት፦ ሓደ ተዋዛያይ ዚኾነ መንእሰያት ወደይ-፣ ስማዕ እስከ ኣባቴ! እዚ ኢየሱስሲ ስለ-ምእንቲ እንታይ ቢሉ'ዩ ነተን ተሻቂለንን፡ ፍርሒ ከዲንወንን ንዚነበራ ኣብ መቃብሩ ንዚመጻ ኣንስቲ ብጽቡቅ ዘይ-ተቀበለን፧ እንክብል ክሓተኒ ይርከብ። ኣነ ኸዓ ብግዲኤይ፦ ሕጅስ ውራይ „ጾመ-ዓርብዓና“ ድኣ ንግበር እብሎ። ዋእ! ካብ ኢየሱስ እምበር ገዲድካ „ንኣይ'ውን ኣሰንቢድካኒ“ ኢሉ ይዋዘ። ሎሚ እንመርጻ ምልኣተ-ሓሳብ እንብኣር፦--›„ንምንታይከ ነቲ ሕያው ምስ ምውታት ትደልያኦ፧“ እትብል ነተን ኣንስቲ ዘሰንበደተን፣ እቲ መንእሰይ ወደይ ከኣ፡ ገለጽኣ ክርድኣ ንዚደለያ ምልኣተ-ሓሳብ ናይ ኣስተንትኖ ቃል ክትኮነና ክትረከብ እያ። ኣብ ራብዓይ ክፍላ-ዘመን (ማለት፦ ብ13 ሕዳር 354 ዓ/ም ኣብ ታጋስተ ተወሊዱ፡ ብ28 ነሓሴ 430 ዓ/ም ከዓ ኣብ ከተማ ሂፖ፡ ሃገረ-ኑሚድየን ትብሃል ዝነበረት ናይ ሎሚ ሃገረ-ኣልጀርያ ዝሞተ) ቅዱስ ኣጎስጢኖስ ኣፍሪቃዊ ዝተባህለ፡- እተን ሰለስተ መዓልታት ፋሲካ ተባሂለን ዝስመያ፡ „ሕንብርቲ ወይ ከዓ ማእከላዊት-ነጥቢ“ ናተን ዝኾነት፦ እታ „ሌሊተ-ትንሣኤ“ ተባሂላ እትበዓል እዋን'ያ። እዛ ለይቲ'ዚኣ፡ ክርስቶስ ካብ ሞት ዝተንስኣላ ብምኳና፡ „ኣደ ናይ ኵለን በዓላት“ እያ ክብለና ይርከብ። ነዚ ቅዱስ ውርሻ'ዚ ብምኽዕባት ከኣ ኢና ሎሚ፡ ንሕና እዞም ውሉደ-ክርስትና እንበሃል ብሓባር፡ ኣብ እዋን ሌሊተ-ትንሣኤ፡ ነቒሕና ብምጽባይ፡ ወይ እውን ኣንጊሀናን፡ ኣርፊድናን፡ ካብ ድቃስ ብምትንሳእ፣ ንትንሣኤ መምህርና ክርስቶስ ክነብዕሎ እንርከቦ። ብዝዘየደን፡ ብዝነቅሔን፡ ኣገባብ ከዓ፡ ነፍስወከፍ መኣዲ-ቅዳሴ ክንስውዕ ክንርከብ እንክሎና፡ ነቲ ንምእንታና ቢሉ ቤዣ ንዝሓለፈልና መድሕን-ክርስቶስ፡ ከም'ቲ „ማይስተር ኣክሃርት-Meister Eckhart (geb.1260 in Tambach - & verstorben 30 April 1328 in Avignon, Frankreich) ኣብ ናይ መወዳእታ ዓመታት ናይ ማእከላይ ክፍላ-ዘመን ኣብ ዚተሰምየ እዋን ዚነብር ዚነበረ ወዲ-ማሕበር ቅዱስ ዶሞኒኮስ (ዶሞኒካውያን) ዚኾነ፡ ካብ ዞባ ወይ'ውን ከባቢ ቱሪንገን (Thüringen) ሃገረ-ጀርመን፡ መበቈል ዚነበሮ፣ ዓቢይ-ሊቅ ናይ ትምህርተ-መለኮትን፡ ተፈላሳፋይን፡ ዚኾነ መነኰስ፣ እታ እንኮ ዚኾነት ኣብ ሕይወት እንክሎኻ ከትለማመዳ ዘሎካ ዚበለጸትን፡ ኣኻሊትን ዚኾነት ጸሎት፡ „ኣመስግነካ'ሎኹ-„ እትብል ምኳና እያ ክብል ንዚተረኽቦ ምልኣተ-ሓሳብ ኣብ ግምት ብምእታው፣ በዓለ-ትንሣኤና ከነብዕል ባይታ ተጻጢሑልና ይርከብ ኣሎ ሎምን፡ ጽባሕን፡ ወትሩን። በዚ ኸዓ፦ እቲይ ታሪኻውን፡ መልዕልተ-ባሕርያውን ፍጻሜ፡ ሓደ-ብሓደ ኣነጺርካ ምፍላጡ ብዘይ-መጠን ኣገዳሲ ዚኾነ ትምህርቲ ኰይኑ ይርከብ። ብኸመይ እንተ-ተባህለ፦ እቲ ምሥጢረ-ትንሣኤ-ክርስቶስ፡ ብታሪከ ሓዲስ-ኪዳን ምስክርነት ተዋሂቡዎ ዝተገልጸ ምኳኑ ዘማትእ ስለ-ዘይኮነ። ድሮ-ኣቀዲሙ፡ ሓዋርያ ጳውሎስ'ውን ብ56 ዓመተ-ምሕረት፡ ንሰብ ቆሮንጦስ ኣብ ዝጸሓፈሎም መልእኽቲ (፩ቆሮ. ፲፭=፫-፬)፦ ከም'ቲ እቶም ጽሑፋት ዚብልዎ፡ ክርስቶስ ምእንቲ ሓጢኣትና ሞተ፣ ተቀብረ፣ ብሳልሰይቲ መዓልቲ'ውን ተንስኤ፣ ንኬፋ፡ ድሕር'ውን ነቶም ዓሰርተው ክልተ ተራእየ፡ ይብል፣ ፣ እዚ ሓዋርያ'ዚ፡ ድሕሪ'ቲ ንሱ ኣብ ጐደና ደማስቆስ ዝጐዓዘሉ ኣብ ዝነበረ-እዋን ብዝረኸቦ „ህያበ-ንስሓ“፦ ካብ ኣንጻርነት ናይ ክርስትና ናብ ናይ ውሉድነት ደንበ ካብ ዝተመልሰሉ ሰዓት ኣትሒዙ (ግሓ. ፱=፩-፲፰)፦ ብዛዕባ'ቲ “ሕያው ዚኾነ ታሪኻዊ ብሂል ናይ ትንሣኤ“፡ ብምጥቃስ፣ ነቲ ብቃል ወንጌላዊ ሉቃስ ንዝተዘንተወ፡ እሞ ከኣ፡ ጥርሑ ንዝጸንሖ መቃብር፦„ንምንታይከ ነቲ ሕያው ኣብ ማእከል ምዉታት ትደልያኦ ኣሎኽን፧ ንሱስ ተንሲኡ ኣብ'ዚ የሎን“(ሉቃ.፳፬=፭-፮) ንዝብል ሓቅነት መላሊሱ የስተምህር። ሎሚ ንሕና ኣብ'ዛ ተረኺቦ ዕለተ-ትንሣኤ ኣትኲሮ እንገብረሉ ኩነት ኣሎና እንተ-በልና እንብኣር፦ ብዛዕባ'ቲይ „ጥራዩ፡ እሞ ኸዓ ምንም „ግናዘት“ ወይ ከዓ „ሬሳ“ ዘይብሉ ኰይኑ ዚተረኽበ መቃብር“ ግንዛቤ ክንገብር ምፍታን ጥራሕ'ዩ። እቲይ ጕድጓድ ካብ ግናዘት (ሬሳ) ነፃ ኰይኑ ምርካቡ ንጭብጥነት ናይ'ቲ ኩነተ-ትንሣኤ-ክርስቶስ መረጋገጺ'ዩ ኢልና ከም-ርዱእ እንወስዶ ተረኺቦ ኣይኮነን። ምኽንያቱ፦ እቲ ሬሳ ወይ ከዓ ግናዘት-ክርስቶስ፣ ከም'ቲ ኣብ ቃለ-ጽሑፍ ናይ ዮውሓንስ ወንጌላዊ (፳=፲፫) „ንጐይታይ ወሲዶምዎ ኣበይ ከም-ዘንበርዎ ኣይፈልጥን“፡ ዝተባህለን፣ ኣብ ክፋል ናይ ወንጌላዊ ማቴዎስ ዝተዘንተዎ ከዓ (፳፰=፲፫-፲፭) „ደቀ-መዛሙርቱ መጺኦም ሰሪቆምዎ ኢልኩም ንገሩ።....እዚ ዘረባ'ዚ ኣብ ኣይሁድ ክሳዕ ሎሚ ይውረ ኣሎ፣“ ዝብልን ብሂል ከም-መጠራጠሪ ኰይኑ፡ ኣብ ክርክር ዘውርዶ ባይታ የልብሉን ዘብሎ ኣይኮነን። እዚ ከምኡ እንክሎ-ግን፦ እቲ መቃብር ጥራዩ ኰይኑ ምርካቡ፣ ንኹላቶም፡- ኣድላይን፡ ወሳንን ምልክት ኰይኑ

ተረኺቡ'ዩ። ብዓቢኡ፡ ከም-ቀዳማይ ስጉምቲ ኩይኑ ዚተረኽበ ከዓ፡ እቲ ብሓዋርያቱ ዝተገብረ ድህሰሳ ምኻኑ ናብ ግምት ክኣቱ ዘሎዎ ተረኽቦ'ዩ። ማለት፦ ብእተን ቅዱሳን ደቂ-ኣንስትዮ ዝተመኩረ ኩነት፣ (ሉቃ.፳፬=፫...፳፬-፳፫) „ኣብኡ ኣትየን ከኣ ሥጋ ጐይታና የሱስ ኣይረኸባን“ ....ኣንስቲ ናብ መቃብር ኣንጊሀን ነበራ እሞ ኣስተንከራና። ስጋኡ ምስ ሰኣና ኸኣ ሕያው ምኻኑ ዝነገርወን ራእይ መላእኽቲ ኽም-ዝረኣያ መጺኤን ነገራና።...“ ይብል። ቀጺሉ እውን ብጴጥሮስ ከም-ዝተራእየ እንክምስክር፦ (ሉቃ.፳፬=፲፪) ጴጥሮስ ግና ተንሲኡ ናብ'ቲ መቃብር ጐየየ። ድንን እንተ-በለ ኸኣ እቲ መግነዝ ጥራይ ተነቢሩ ረኣየ። በቲ ዝኾነ ብልቡ እናተገረመ'ውን ናብ ቤቱ ተመልሰ፣ ይብለና። ኣስዒቡ'ውን እቲ ኢየሱስ ዘፍቅሮ ዝነበረ ረድኡ ማለት፡ ዮሓንስ፦ (ዮሓ.፳=፰) ...ኻልእ ወዲ መዝሙር ድማ ኣተወ፡ ነቲ ኻብ ምዉታት ኪትንስእ ይግብኦ እዩ ዚብል ጽሑፍ ግና ኣየስተውዓሉዎን ነበሩ እሞ፡ ርእዩ ኣመነ። ሓቂ ብሓቁ፡ እቶም ክልተው ኣርድእቲ፡ ማለት ጴጥሮስን ዮሓንስን፦ እቲ መቃብር ባዶ ከም-ዝጸንሖም መላሊሶም ኣረጋጊጾም እያቶም። (ዮሓ.፳=፯) “ስምዖን ጲጥሮስ፡ ደድሕሪኡ መጺኡ ናብ'ቲ መቃብር ኣተወ፡ ነቲ መጋንዝ'ውን ተነቢሩ ረኣዮ“፡ ኸዓ ይብለና ኣብ'ቲ ትረኻ ቃለ-ወንጌል። ግዙፋን ለባውያን ከም-ምኻና መጠን፣ ኣብ'ቲ መቃብር፡ ሬሳ-ክርስቶስ ከም-ዘይጸንሐ ተረጋጊጹልና። ግንከ፡ ሕያው ካብ ኮነ፡ እቲ ሰውነት-ሥጋኡ ኣበይ ተሓብኤ ዝብል ሓተታ ንክፍለጥ ከዓ ግቡእ ስለ-ዚኾነ፦ ከም'ቲ ንሱ ካብ ሙታን ዘተንስኦም ከም-ዝነበረ፡ ከም በዓል ኣልኣዛር ዝኣመሰሉ፡ ዳግማይ-ምድራዊ ሕይወት ክቕጽል ክርኤ ብዘይምርካቡ፡ ንጊዜኡ ኣብ ጥርጥር ክትኣቱ ክትርከብ ዘግብረካ ሰብኣዊ ባህርይና ዝዝንብሎ ምድራዊ-ጠባይ ከምዘሎና ኣሉ ክንብሎ ከምዘይግብኣና ምፍላጡ ጽቡቅ'ዩ። እንብኣር፦ እቲ ቀዳማይ ግልጸት ናይ'ቲ ዝተንስኤ ክርስቶስ፣ ምስ'ተን ነቲ መቃብሩን-ሬሳኡን፡ ብቕዱይ ዘይትን፡ ክርበን፡ ዕጣንን፡ ክዓጥናኦ ምስ ዝመጻ፡ ማርያም በዓልቲ መቕደላን፡ ካልኦት ቅዱሳን ኣንስትን፡ ብዝተራኽቦ እሞ ኸዓ ናይ መጀመርያ፡ ናይ ትንሣኤኡ ኣብሰርቲ-ሓዋርያት ብዚኾና ደቂ-ኣንስትዮ፡ ኣብ ዝተገልጸሉ ጭቡጥ ኩነት'ዩ። ብቀጻልነት'ውን ነቶም ቀዳሞት ኣርድእቱ ንዝኾኑ ክግለጽ ኣብ ዝጀመረሉ እዋን፡ ብሓዋርያ ጴጥሮስ ተሊሙ፡ ንኹሎም ነቶም ዓሰርተው-ክልተ ሓደ-ብሓደ ክግለጸሎም ተረኺቡ (፩ቆሮ. ፲፭=፭)። ስለ'ዚ፦ ብምስክርነት ዓይኒ፣ ነቲ ትንሣኤ፡ ሰብኣዊ ብዚኾነ ግዙፍ-ገለጻ ክወሃበሉ ዘይከኣል'ዩ ኢልካ ዝግደፍን፣ ታሪኻዊ ሓቅነቱን፡ ኣፍልጦ ንምሃብ እትቁጠበሉን ከም-ዘይኮነ'ዩ። በዚ ኣምር'ዚ ከዓ'ዩ፡ ነቲ ሕያው ኩይኑ ንዝተረኽበ ክርስቶስ፡ ሎሚ-ብሎሚኡ፡ ከም'ቲ ቅድሚ ዕስራ-ዘመን ንዝተፈጸመ፡ ተኣምራታዊ ንዚኾነ፡ እሞ ኸዓ ብዕሊ ንዘርኣዮ ትልሚ-ድሕነት፡ ብትኣማንነትና ምስክርነትና ንምሃብ ንፈትን ንምባል እዩ። ኢየሱስ ሰብኣዊ ባህርይ ዝለበሰ ምድራዊ-ልኡኽ'ውን'ኳ እንተኾነ፦ ብቦታን፡ ብጊዜን ዝድረት፡ ከም-ሰብኣውያን ፍጡራት ኣይኮነን። በዚ ኸዓ፡ ከም'ቲ ንሱ ዝደለዮን፡ ዝወሰኖን፡ ቦታን ጊዜን ከይደረቶ ኪርከብን ኪኸይድን ይኽእል። እቲ ባህርይ ትስብእትነቱ፡ ናብ መሬት ተቔሪኒ ዝተርፍ ባህርይ ብዘይምኻኑ፡ ከም'ቲ ሰባኺ ወንጌላዊ ዮሓንስ ከም-ዝገልጾ፡ „ናብ ኣቦይ ኣይደየብኩን እሞ ኣይትተንክይኒ...ናብ ኣቦይን ኣቦኹምን፡ ናብ ኣምላኸይን ኣምላኽኩምን እድይብ ኣሎኹ በልዮም“ እናበለ፡(ዮሓ.፳=፲፯) ንማርያም ንዘመሓላለፈላ መልእኽቲ“ ክገልጸ ከምዝርከቦ ኩነት'ዩ። ማለት፦ ንዓና ነዞም ሰብኣዊ-ግዙፍነት ንዘሎና፦ ከምቲ ንሱ ዝደለዮ ኩነት ክግለጸልና ክእለት ስለ-ዘሎዎ። ንማርያም፡ ከም-ሓላው ኣታኽልቲ ዚኾነ ሰብኣይ ብምኻን ከም-ዝተገልጸላ ድዩ ወይስ ብካልእ መልክዕ፡ ከም'ቲ ንኣርድእቱ ዝግለጸሎም ዝነበረ፡ እሞ ኸዓ ንእምነቶም ዝሓድሶ ብዝነበረ ኣገባብ ብዘየገድስ። ትንሣኤ - ክርስቶስ፡ ከም'ቲ ንብዓል ኣልኣዛርን፡ ጓል ያርዩስን፡ ካብ ናይእን ዝመጸ መንእሰይን ካብ ሞት ናይ ምትንሳኦም ኩነት፣ እሞ ኸዓ ናብ'ቲ ዝነበርካዮ ምድራዊ ቦታኻ ናይ ምምላስ፣ ተመሊስካ ከዓ ጊዜኡ ምስ በጽሐ ኣብ ናይ ሙማት ኩነት እትምለሶ ዘይኮነስ፦ ንሓደ-ጊዜን፡ ንዘለዓለምን ተንሲኡ፡ ሕያው ኩይኑ ዝነብረሉ ኩነተ ትንሣኤ ምንባሩ'ዩ እቲ ናቱ ኩነት። እዚ ህያብ'ዚ ከዓ'ዩ ሎምን፡ ጽባሕን፡ ንወትሩን፡ ንዓና ንውሉደ-ክርስትና ኣብ ከም'ዚ ሓባራዊ ዚኾነ ጸሎተ-ጉባኤ ዚኣኻኺበናን፡ ብፍስሓ ከም-እንመልእን ዚገብረና። እምበኣር፦ ከም'ቲ „ማይስተር ኣክሃርት-(Meister Eckhart) ዚመዓደና ምዕዶ፡ „ኣመስግነካ ኣሎኹ“ ብምባል፣ ብመንፈስን፡ ብስጋዊ ኩነተ-መዳይን፡ ንናይ ምትንሣእ ደረጃና እነዕብየሉ ጠባይ ክነጥሪ ከም-ዘሎና ዘይ-ምዝንጋዕ። ርሑስ በዓለ ትንሣኤ ይግበረልና። ኣሜን። ኣባ ዮሴፍ በየድ ኣወድ/Abba Yosieph Beyed Awod፣ April-2023